ኣብ ሃገርና ዘመናዊ ህንጻ ብፍላይ ስረሓት ማርቻፐዲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ከም ዝኣተወ ኩልና ንርዳእ። ጠላይን ኣብ ሃገሮም ዘካይዱዎ ዝነብሩ ኣሰራርሓ ማርቻፐዲ ኣብ ሃገርና ውን ብፍላይ ኣብቲ ንሶም ቦታና ኢዩ፣ ንሕና ጥራሕ ኢና ንረግጾ ኢሎም ዝመደቡዎ ቦታታት ተራእዩ፣ ክሳብ ሕጂ ውን ኣሰሩ ኣሎ። ኣብ ሃገሮም ዝነበራ መሳርሒ ህንጻ ዘፍርያ ማሽነሪ ኣብ ኤርትራ ውን ነይረን። ኣብ ሃገርና ዝነበሩ ኣርኪተክትስ ኢንጂነራትን ኪኢላታትን ምስ ኩሉ መሳርሒኢኦም ምስቶም ኣብ ሃገር ጣልያን ዝነበሩ ምንም ፍልልይ ኣይነበሮምን። ንህንጻን መሳርሒኡን ዝምልከት ኣብ ሃገርና እምበኣር ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጣልያን ኣትዩ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ከኣ ጨሪሹ ጠፊኡ ክበሃል እንተዘይተኻእለ ናብ ትሑት ደረጃ ምድቋሱ ኩልና ንርድኦ ሓቂ ኢዩ። እዚ ኣሉታዊ ተረኽቦዚ ኣብቲ ዝርካቡ ዝተጠረየ ክእለት ውን ኣንጸባሪቑ ኢዩ። ምስጋና ንተጋደልቲ ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ውን ንስዉኣት፣ ነጻ ወጺና ምስ ተባህለ፣ ኣብ ሃገርካ ኣቲኻ ንዝደኸመ ኢንዱስትሪ ናብ ዝሓሸ ክብ ንምባል ዝካየድ መስርሕ ክንሳተፍ ድልየትን ባህግን ዝሓደረና ዜጋታት ተኣኻኺብና ከኣ ሓደ ግዙፍ መሳርሒ ህንጻ ዘፍሪ ትካል ኣብ ኤርትራ ተኺልካ ንምስልሳሉ ወጢና። ኣብ ሽወደን እቲ ከም መጠራነፊ ዝተጠቐምናሉ <u>ማሕበር ኤርትራውያን ርእሰኻ ምኽኣል</u> ይብሃል ነይሩ። ድሒሩ ኤሪት ስወድ ንምትካል ከኣ ኣብቂዑና። እቲ ሕልናን ባህግን ፋብሪካ ተኺልካ ሃየ ግዝኡለይ ጥራሕ ኣይነበረን። ንዝፈረየ መሳርሒ ህንጻ ንኣጠቓቕምኡ ዝምልከት እኹል ሓበረታ ንተጠቀምቲ ክንህብ፣ ምምሕዳራትን ትካላትን ከምኡ ውን ውልቀሰባት ከድህብሉ፣ ብሓፈሻኡ ውነ ኩሉ ተጠቃማይ ክስሕብ፣ ኣባላት ነቲ ኩሉ ኣብ ስደቶም ዝረኸቡዎ ትምህርትን ናይ ስራሕ ተመኩሮን ክሰርሑሉ መገዲን ዕድልን ዝኸፍት ተበጉሶ ውን ኢዩ ነይሩ። ክሳብ ክንደይ ነዚ ዕድልዚ ተጠቒምና ክንሰርሓሉ ፈቲና ኪኢልና ነቲ ማሕበርን ኣባላቱን ንግምገማ ዝግደፍ ኮይኑ ናብቲ ቀንዲ ሓበረታ ነሰራርሓ ማርቻፐዲ ክኣቱ። እቲ ንሕና ማለት ኤሪት ስወድ ዘፍርዮ ፍሉይ ማቶነላ ንመገዲ ኣጋር ወይ ንማርቻፐዲ ምሽፋን ጥራሕ ዘይኮነ ክሳብ ዓበይቲ መካይን ዝኸዳሉ ዋላውን ነፈርቲ ዝጎያሉ ጽርግያ ካንሸሎ መኻዚኖን ንካልእን ንምሽፋን ንጥቀመሉ ድልዱልን ውቁብን ፍርያት ኢዩ።



እዚ ኣብ ላዕሊ ወይ ኣብ ቀዳማይ ገጽ ዝርኤ ስእላዊ መግጺ እቲ ንሰብ መተሓላለፊ ወይ ንማርቻፕዲ ንጥቀመሉ ዝገልጽ ኢዩ። ሰብ ዝሓልፈሉ፡ እቲ ቀይሕ ማቶነላ ኮይኑ ትሕተኡ ብጫ ድኹም ሑጻ ኢዩ። ኣብ መንጎ ነፍስ ወከፍ ማትነላ ውን መታን ከይራኸበ ሑጻ ፈልዩዎ ኣሎ። ትሕቲ ሑጻ (ብጫ) ጃያን ሑጻን እዩ። እዚ ግን ሰብ ጥራሕ ዝሓልፎ እንተኾይኑ ደኣምበር ኻላኦት ተንቀሳቐስቲ ክጾረልካ እንተተደልዩ ኣብቲ ለጻይ ድልዱል መሬት ኩረት ብምንጻፍ ክጅመር ኢዩ ዘለዎ። እዚ ኮይኑ እቲ ኣብ ትሕቲ ማቶነላ ብዙሕ ከየባላሾኻ ቱቦታት ናይ ኤለትሪክ ማይ ወዘተ.. ብተሕተኡ ከም ተሕልፍ ኣብ ግዜ ምዕራይ ቱቦታት ነተን ማቶነላ ኣልዒልካ ከይሰበርካ እንደገና ስራሕካ ምስ ወዳእካ ከም ዝነብርኦን ክትመልሰን ጸገም ከም ዘይብሉ ንምርኣይ ኢዩ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ዝሕብር። እዚ ዓይነት ማቶነላን ኣገባቡን ምስ ሰራሕካዮ ድሕሪ ግዜ ካልእ ሕብሪ ካልእ ዓቐን ዓይነት ምስ ትደሊ ንምውጹኡ ቀሊል እንደገና ክትሸጦ ክትልውጦ ውን ዝከኣል ኢዩ። ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእላዊ መግለጺ ውን እቲ ፕሪንስፕል ሓደ ኮይኑ ዝፈልዮ ነገር ንምርኣይ ተባሂሉ ዝቐርበልኩም ዘሎኹ ኢዩ።



ኣገባብ ኣሰራርሓኡ ከምቲ ላዕለዋይ ኮይኑ ዝተፈላለየ ርጉዲ ማቶነላ ጥራሕ ዘይኮነ ኣብቲ ታሕተዋይ ክፍሉ ውን ከምኡ ፍልልይ ኣሎዎ። ዝተፈላለየ ወፍሪ ከኣ ይሓትት። እቶም ቀንዲ ንዋጋታት ዝውስኑ ማቶነላን ኣብ ትሕተኡ ተንጽፎም ጥረ-ነገራትን ቦታን (ኩነታት መሬት) ከኣ ይኾኑ። እንደገና ንምብርሁ! እቲ ሰብ ዝኸደልሉ ብዙሕ ሑጻ ወይ ጃያ ኣየድልዮን። እቲ ማቶነላ ውን ቀጢን ካብ 4 ክሳብ 5 ሰንቲመትር እንተኾነ ነቲ ኣብ ልዕለኡ ዝንቀሳቐስ ሰብ ይኹን ካልእ ይጾሮ ኣብኡ ትገብሮ ወፍሪ ከኣ ይውሕድ። ቡኡ ደረጃ ናይ ንእሽቶ ከምኡ ከኣ ናይ ዓባይ መኪና እናበለ ይዓቢ ቲ ወፍሪ። ናይ ነፋሪት ትጎየሉ እንተኾይኑ እሞ ኸኣ ይረጉድ እቲ ሑጻን ጃያን ውን ከምኡ ቡኡ ደረጃ ወፍሪ ይዓቢ። ኣቐዲምካ ርጉዲ ማቶነላ ይኹን እቲ ማቶነላ ኮፍ ዝብለሉ ሑጻ ይኹን ጃያ ወይ ኩረት ንምውሳን መጽናዕቲ የድልዮ። ንምሳሌ እቲ ናይ ሰብ እንተኾይኑ ክንድይ ሰብ ኣብ 24 ሰዓት ይሓልፉዎ? እቲ ቦታ እንታይ ይመስል? ኩነታት ክሊማ ወዘተ.. ይጽናዕ። እቲ ናይ መካይን ዝሓልፉሉ እንተኾይኑ ድማ ክንድይ መካይን ይሓልፍኦ? ክብደተን ፍጥነተን ውን ፈሊጥካ ዝትግበር ኢዩ። እቲ መሬት ኣዝዩ ቄናን ድዩ? ነዚ ኩሉ ምስ ኣጽናዕካ ርጉዲ ማቶነላን ብተሕተኡ ተንጽፎም ጥረ-ነገራት ርጉዶም ትውስን። እቲ ቦታ ዘባል

ወይ ቁልቁለት እንተኾይኑ እቲ ተንጽፎ ማቶነላ ምስ ግዜ ከይዘጥጥ ሓሓሊፍካ ብቸመንቶ መህድኢ ስለ ዝግበሮ ኽሕብር ባህርያዊ እዩ። ምስ ምንጻፍ ማቶነላ ኣብ ማርቻፐዲ ኩነታት ምትካል ኣእዋም ውን ምሱኡ ይተኣሳሰር ኢዩ።



*ኣእዋም ኣብ ከባቢ ህንጻ፣ ኣብ ገምገም ጽርግያ ይኹን ኣብ ማርቻፐዲ ወይ ውን ኣብ ከባቢ ቱቦታት ዝሓለፉ ምትካል ክድለ ከሎ በዚ ኣብ ታሕቲ ንየማን ዘሎ* **Root barrier** *ምጥቃም ነቲ ብሰንኪ ሱር ኦም ዝመጽእ መንቃዕቲ የጥፎኦ። እዞም ክልተ ላዕለዎት ብሸላ ዝተተኽሉ እዞም ታሕተዎት ድማ በገባብ ብመጽናዕቲ ዝተተግበሩ ኮይኖም ንምርኣይ ዝቐርብ ዘሎ ኢዩ*





ኩልና ከም ንርእዮ ኣእዋም ኣብ መንቃዕቲ ህንጻ ዓቢ ተራ ኣለዎም። ንምሳሌ ኣብ ቀረባ መሰረት ገዛ ዓቢ ኦም ምትካል ንህንጻኻ እንኮላይ ንማርቻፐድኻ ወይ ውን ነዞም ዝድለዩ ዘለዉ ማቶነላታት ምጥቃም ሓደገኛ ምዃኑ ብሓበረታ መልክዕ እንተቐረበ ጠቓሚ ኢዩ። ኣእዋም ክትክሉ ከለዉ ሱሮም ኣቕጣጫኡ ዝቕይር ወይ ዝከላኸሎ ሓደ **ROOT BARRIER** ተመሳሳሊ ምስቲ ኣብ **GHANFUR** ዝተባህለት ትካል ፋብሪካ መሸማዕ ደቀምሓረ ዝፈሪ (ልክዕ ከምኡ ኣብ ቀጻሊ ንምፍራዩ ጸገም የብሎምን) ምጥቃም የድሊ።
ኣብ ዝሓለፉ መዓልታት ሓው በርሀ በራኺ ካብ ሆላንድ ንማቶነላ ኤሪት ስወድን ኣገባብ ኣነጻጽፉኡን ሓበረታ ሂቡ ነይሩ። ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ፍርያት ኤሪት ስወድ ካብ ምርኢት ኤክስፖ 97 ከም ዝብገስ ውን ገሊጹ ኣሎ። ተገዲሹ ምግላጹ ልዑል ምስጋናና ይብጻሓዮ። ኣብቲ ግዜቲ ዝገበርናዮ ጻዕርታት ዘኪረ ድማ ከምዚ ይብል። ፍርያትና ኣብቲ ግዜቲ ብፍላይ ማቶነላን እምኒ መሰረትን ንሃገርና ሓደስቲ ብምንባሮም ብዙሕ ሕቶታት ዘልዓሉ ፍርያታት ምንባሮም ይዝክር። ከም ቀዳማይ ተሞኩሮ ኣቀራርባና ምሉእ ነይሩኳ እንተዘይበልኩ ንበጻሕቲ ፈስቲቫል 97 ስሒቡ ከም ዝነበረ በቲ ካብ ምሉእ ኤርትራ ዝመጻና ዝነበረ ጠለብ ክንርዱኦ ኪኢልና ነርና ኢና። ምምሕዳራት ብፍላይ ዞባ ደቡብ ኣብ ፍርያትና ዝነበሮም ኣድናቖት ልዑል ነይሩ። ካብዚ ብምብጋስ ድማ ካባና ይወስዱ ከም ዝነበሩ ንዝክር። ፍርያትና ተፈትሹ ሓደ ካብቶም ኣብ ኤርትራ ብሉጽ ፍርያት ምዃኑ ካብ ምኒስትሪ ፓብሊክ ዎርክስ ሰርቲፍኬት ረኺቡስ ብሃገር ደረጃ ክፍለጥ ኪኢሉ ኢዩ። ኣብ ገለ ሕጥበ-ጽሑፍ ሓው በርሀ ምምሕዳራትና ነዚ ፍርያትዚ ክጥቀማ ብፍላይ ናይ ገለ ሰባት ኣሽማት ጠቒሱ ኣሎ። እዞም ዝተጠቕሱ ሰባት እቶም ዝፈልጠም ድዮም ኣይኮኑን ንምፍላጥ ናብ ሓው በርሀ ክሳብ ናብ ሆላንድ ተለፎን ደዊለ ክውከሶ ደልየ ግን ኣይተራኸብናን። ብግምት ግን ሞያኦም እኳ ኣይፈልጦን ኢየምበር (ጆመትራ፣እንጅነር) ከም ሓለፍቲ ግን ሰመረ ነጋሽን ድሒሩ ብሳጓኡ ዘላለዩኒ ዛምቢያ

ዝተባህሉ እንተኾይነኖም ኣብዚ ቀረባ እዋን ረኺቦ ኣዘራሪበዮም ነይረ። እዞም ሰባት እዚኣቶም በቲ ቅድሚ ሕጂ ንገብሮ ዝነበርና ርክባት ዘኪሮም ኣብ ሓደ እዋን መጺኹምና ነርኩም ደሓር ግን ጠፊእኩም ሕጂ ውን ካብ መጸኻ ብማለት ሓደ ተስፋ ዝህብ ሃዋህው ከም ዝፈጠሩለይ ይዝክር። ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ሓንቲ ሕጽር ዝበለት ቦታ ክህቡኒሞ ነገባብ ኣሰራርሐኡ ብመልክዕ ምርኢት ከላልዮ ዓማዊል ክፈጥር፣ ህቡብነት ፍርያትና ከኣ ናብቲ ናይ 97 ዝነበሮ ንምምላስ ነይሩቲ መደበይ። ሓው ዛምብያ ንመደበይ ብታሕጓስ ተቐቢሉ ኘኽትግብሮ ግን ሕጋዊ መዳያት ከማልእ ንሱ ከኣ ልቸንሳ ከም ዘድልየኒ ሓቢሩኒ። እዚ መስርሕዚ ብምኒስትሪ ፓብሊክ ዎርክስ ስለ ዝጅምር ሓቲተ። ኩሉ ዝሕተት ዝቐረብ ቀሪበ ብፋሉይ ነቲ ዝሓተትኩዎ ስራሕ ሰርቲፊኬት ተዋሂበ ናብ ልቸንሳ ተመሪሐ። ኣብ ኤርትራ ALLIED PAVING CONTRACTOR ኣቐኑመ ንስራሕ ድሉው ኮይነ ኣለኹ።

እዚ ፍርያትዝን ኣገባቡን ከም ዘርብሕ ንምርግጋጹ ዝያዳ ኣብ ባይታ ወሪድካ ዝፍለጥ ደኹን እምበር ምስቲ ካልእ ዋጋን ኣገባባትን ክወዳደር ከሎ ብዉሑድ ጉልበት ሰብን ቁጠባን ስለ ዝስራሕ ከም ዝሓስር ጥርጥር የብለይን። ብተወሳኺ፣ እዚ ትካልዚ ብዘይካቲ ተወዳዲሩ ጨረታ ኣሸኒፉ ዝትግብሮ ናይ ማርቻፐዲ ስረሓት፣ ካሎኣት ነዚ ፍርያትዚ ክጥቀሙ ንዝደልዩ ውልቀ ሰባት ምምሕዳራትን ኣብ ኣጋባብ ኣጠቓቕሙኡ ምኽሪ ምሃብን ደዛይን ኣብ ምቕራብን ብሕሱር ዋጋ ኣገልግሎት ክህብ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚዚ ይገልጽ።

ስምኦን ወልዳይ
ሕዳር 04 2003

e-mail: dekemhare@hotmail.com